# ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ብሪዝቤን
# ዓመታዊ ገምጋም ህዝባውያን ማሕበራት ኣካይዶም፡ መደባት 2011 እውን ተሊሞም።



መልበርን ፡ 12 ጥቅምቲ 2010 ከም መቐጸልታ ናይቲ ሓድነት ህዝባውያን ማሕበራት ዝዓለም ኣብ ኩለን ከተማታት ኣውስትራልያ ዝካየድ ዘሎ ዓውደ-ዘተ፡ ኣብ ምብራቓዊት ከተማ ኣውስትራልያ ዝቐመጡ ኤርትራውያን'ውን ፡ ኣብ ከተምኦም ናይ ዘለዋ ኩለን ህዝባውያን ማሕበራት ሓድነት ንምትራር ዝዓለመ "ሓደነትና መግለጺ መንነትና'ዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ናይ ሓደ መዓልቲ ዝውዓለ ሰፊሕ ዓውደ-ዘተ ከምዝካየዱ ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ካብ ከተማ መልበርን ሓቢሩ።

እዚ ትማሊ ቀዳም ኣብ ከተማ ብሪዝቤን ዝተኻየደ ዓውደ-ዘተ፡ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ኲንስላንድ፡ ማሕበር ደቀ-ንስትዮ ከተማ ብሪዝቤን፡ ጉጅለ ህግደፍ ከተማ ብሪዝቤን፡ ሽማግለ መኸተን መንእሰያትን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ናይ ዘካየድዎ ንጥፈታት ዝግምግምን፡ መጻኢ መደብ 2011 ዝተለመ ዓውደ-ዘተ ኮይኑ፡ ኣብ ቀጻሊ ብኣድማዕነት ንምስራሕ መደባት ተሓንጺጹ።



ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን፡ ኣቶ በሽር እድሪስኑር ኣብቲ ዓውደ-ዘተ ተረኺቡ፡ ኣብ ኩሉ ስርሓት ናይ'ተን ማሕበራት ርእሰ-ትኣማንነት ኣሕዲረን፡ ብዲሲፕሊናዊ ኣገባብ ንኽሰርሓሉ ክሕግዝ ዝኽእል፡ መጽናዕታዊ ወረቐት ኣቕሪቡ። ድልዱል ሰረት ዘለወን ማሕበራት ክህልዋና፡ ዲሲፕሊንን ሓድሓዳዊ ምትሕልላይን፡ ንግዜ ብግቡእ ክንጥቀም ኣገዳሲ ምኻኑ ገሊጹ።

ብተወሳኺ ኣቶ በሽር፡ ኣብቲ ኣብ ድሕሪ ቀትሪ ተኻየደ መደብ "ምሕያል ውዳበ ህዝባውያን ማሕበራት" ኣብ ትሕቲ

ዝብል ኣርእስቲ መጽናዕታዊ ወረቐት ከቕርብ ከሎ፡ ምሕያል ማሕበረ-ኮማትን ግንባርን፡ ምሕያል ኮሚቴታት መኸተን ምርግጋጽ ቀጻልነትን፡ ከምኡ'ውን ኣገዳስነት ፌስቲቫላትን ሃገራውያን በዓላትን ካልእን ኣብ ዝብል እርእስትታት ሰፊሕ መብርሂታት ሂቡ። ኣስዒቡ ኣቶ በሽር፡ ሓያል ውዳበ ማሕበራት ደቀንስትዮን መንእሰያትን ክህሉን፡ ሓያል ዝምድና ህዝብን መንግስትን ቀጻልነት ክህልዎ ኣብ ዝብል ኣርእስትታት'ውን ሰፊሕ መብርሂ ክህብ እንከሎ፡ ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ህዝቢ ሓድነቱ ብምድልዳል ኣብ ሰፋሕቲ መደባት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣበርክቶኡ መታን ከሕይል፡ ተራ ናይ'ዘን ህዝባውያን ማሕበራት ኣገዳሲ ምዃኑ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ስድራቤት ሰማእታት መዊሎም ንዝወድኡ ዜጋታት ናይ ምስጋና ሰርቲፊኬት ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ካብ ኢድ ኣቶ በሽር እድሪስ ኑር ተዓዲሉ።




ኣብቲ ንጽባሒቱ ዝቐጸለ ርክብ'ውን፡ ህግደፍ ጉጅለ ከተማ ብሪዝቤን ንዝካየድዎ ንጥፈታት ገምጋም ክግበረሉ ኸሎ፡ ኣብ 2011 ንዝካየድ መደባት ብሰፊሑ ተዘሪቡሉ።

ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ብሪዝቤን፡ ውዳቢኦም ብምሕያል ኣብ'ቲ ዓመታዊ ዝካየድ ፌስቲቫል ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣውስትራልያ፡ ብሓያል ውዳበ ዝሳተፉን፡ ኣብ ንኩሉ ሃገራዊ በዓላት እውን ብድምቀት ዘካይዱን ኣብርእሲ ምዃኖም፡ ስድራቤት ሰማእታት ንምእላይን እዋናዊ መድረኽ መኸተ ንምዕዋት ኩሉ ኣበርክቶ የካይዱ ከም ዘለዉ ይፍለጥ።